# ኣለና፡ ሳላ ዝተጸመምና!

ኣማኑኤል በርሀ


ኣይሂ እሳት ንዘጽሓየ ህዝቢ፣ ብርግጽ ለምለም ጥራይ እግሩ ኣብ ዳንዴር ተሓምበለ ዝበለ ሓፋሽ፣ ንዘናውጹ ናይ ግዳም ድምጽታት፡ ድምጺ ውሽጡ እናሰምዐ እዝኑ ዝለኾኾ ዜጋ፣ ቈርበቱ ብመግረፍቲ ከም ጨርቂ እናተገፈፈ፡ ምስጢሩ ዓቂቡ ዝተጸመመ ኣድሃ፣ ሎሚ ይኹን ጽባሕ ዝመጽእ ናይ ሓዲንን ቃላትን ኲናት እንታይ ከገርሞ ይኽእል!? ንኲናት ይጽይኖን ይጸልኦን ደኣ'ምበር፣ እንተወሪድዎስ ፈሪሕዎ ኣይፈልጥን - ብርግጽ ከኣ'ምበር የምክኖ! ንእሳት ዘብርድ ተጻዋርነት፣ ኪኖ ሓዲን ዝጸንዕ ጽንዓት፣ ንእሾኽ ናብ ዕምባባ ዝቕይር ኣረኣእያ ዝውንን ህዝቢ፣ ሕልምታቱ ካብ ምትግባር ክዕንቅጾ ዝኽእል ሓጹራት ከቶ ክህሉ ኣይክእልን። ምናልባት እቶም ሓጹራት ክትከሉ ይኽእሉ ይኾኑ፡ ናይ ምስጋሮም ሜላ ግን ከም ጻዕዳ ኢዱ'ዩ ዝፈልጦም'ዚ ህዝቢ።




ብጽንዓቱን ራእይኡን፡ ኣብ ሽዳ ተንሳፊፉ ማዕበላት ዝሰገረ ሓፋሽ፣ ሎሚ ንዕኡ ዘሰናብድ ሓድሽ ማዕበል ህይወት ካበይ ክፍጠር ይኽእል!? ክንደይ'ሞ ኣብ ባሕሩ ማዕበላት ክፈጥሩ ጨብረቕ ዘይበሉ። ህድኣት ውሽጡ ግን፡ ንኹሉ ዝዘልል ማያት ኣህዲእዎ። ኣብ ቅድሚኡ ዓጋምን ጋባን ተኺልካ ክትዓናቕፎ እንተፈተንካ'ውን፡ ብእሾኹን ከይተዳህለ፡ ንፍረአን'ዩ ናብ ረብሓኡ ዘውዕሎ።

ጸሓይ ዕራርቦ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ናይ ዓለም ጸሓይ ብራቕ ምኳና ኣጸቢቑ ንዘለሊ ህዝቢ፣ ከቶ ብርሃን ክኸወሎ ኣይክእልን'ዩ። እንተደቀስካ ቀዝሒ፣ እንተተሳእካ ዕርቃንን ጥምየትን፣ እንተሰጎምካ ሓርጎጽጎጽን ጎነጽን፣ እንተዕረፍካ እሾኽን ቋቕሩራን ኣብ ዝነበረሉ ረባጺ ዘመን'ኳ፡ ብጽንዓቱን ብተስፋ ናይ'ታ ብርግጽ ከምዘውግሓ ዝተኣማመነላ ጽባሕን'ዩ ንኹሉ ናብ ርህው ቀይርዎ። ምስ ናይ ጸሓይ ብርሃን ዝለዋወጥ ናይ ጽላሎት ቁመት፣ ምስ ወቕትታት ዝቀያየር ናይ ንፋሳት ኣንፈት ከይዓጀቦ፡ ኣብ መስመሩ ዝጸንዐ ህዝቢ፣ ሕልሙ ብጽንዓቱ የግህዶ፡ ተስፋኡ ብጻዕሩ የስምሮ፡ ደናጉላታት ዘልዕል ዘራጊቶ እንተመጽአ'ውን ተሓቛቑፉ ኪኖ ክብደት ይኸብዶ። እዚ ኩሉ ስንጭሮን ተኾርባን'ኳ ብዳንጋ ዘይኮነ፡ ብጽንዓት'ዩ ተሰጊሩ። ሰብ ወዲ ሰብዶ ደኣ ኪኖ ግምታት ስነ ፍልጠት ሰጒሙ፡ ንመዓልታት ኣብ ጥራይ ከብዱ ይጓዓዝ'ዩ!? ከርሲ'ዛ ኩልና ንፈልጣ ከርሲ፡ ጠዓሞት እንተዘይበሊዓ'ኳ ብምንብሃቑ ትጠርዕሲ፡ ጽንዓት ሳላ ዝተመገበት ኢያ'ምበር ከመይ ኣቢላ ደኣ ክንድኡ ክትዕገስ!? እዛ ውዕዩዶ ዝሒሉዶ እናበለት እተማርጽ ጎሮሮ፡ ጠሊ ጽንዓት እንተዘይትረከብ፡ ውዑይ የብሉ ዝሑል ከመይ ኣቢላ ቃዕ ቃዕ ምስ በላ ብኡ ኣቢላ ቃዕ ኢላ ዘይተረፈት!? ዕረፍቲ ግን ኔሩ ኣብ'ቲ ነዊሕ ጉዕዞ - ብጽንዓት ዝርከብ ዕረፍቲ። መግቢ'ውን ኔሩ ኣብ'ቲ ዓጸቦ - እንጌራ ጽንዓት። ማይሲ መዓስ ተሳኢኑ ኣብ'ቲ ምድረ በዳ - ኦኣሲስ ጽንዓት። እሞ ሎሚ ደኣ፡ ነዚ ጽንዓት ከም ባህሉ ዘስረጾ ህዝቢ፡ ንድፍን ሕልምን ልምዓቱ ንምርግጋጽ እንታይ ዘወላውል ከይህሉ። ሳላ ዝተጸመመ'ንድዩ ንእሾኽ ጭቃ ሰጊሩ ኣብ ታኼላ ክዘልል ክኢሉ። ሳላ ዝተጸመመ'ንድዩ፡ ሰብ ንዝፈጠሮም በርቅን ነጎዳታትን ከም ሙዚቃን መሰነይታኡ ብርሃንን ቈጺሩ፡ ከይተዳህለ ዘፍ ኣቢልዎም። ሳላ ዝተጸመመ'ንድዩ፡ ተፈጥሮ ምርር ክብል ከሎ'ውን ንዓጸቦ

ብምጽንናዕን ብጽንዓትን ሰጊርዎ። ሎሚ ደኣ’ሞ፡ እቲ መበገስን መዕረፍን ኩሉ ምስ ጠጥሐ፡ ኣብ ሞንጎ ንዝጸንሕ ገፈል መፈል እናኣለየ፡ ቀጠልያ ሕልሙ ንምግሃድ እንታይ ከይዓጅቦ። እዚ ትማሊ፡ “ከንቱ ፈተነ’ዩ፡ ረብሪቡ ክገድፎ’ዩ፡ ናብ ዓራርቦ ገጹ’ዩ” እናተባህለ፡ ጸኒዑ ከይተዳህለ ጉዕዞኡ ዘየቋረጸ ጸብደል ሓፋሽ፡ ሎሚ ደኣ ኣብ ሑጻታት ምድረ በዳ’ኳ ልሙዕ ክፈጥር ኣይእግሞን።

ብጭኾር ኣኻውሕ ዘልምዕ ጽንዓት ዘለዎ ህዝቢ፣ ልምዓቱ ንምውሓስ ዝፈለሞ ስጉሚ፡ ንፈልስታቱ ኣብ ሎሚ ኮይኑ ምህርቶም እናተዓዘበ’ዩ፡ ብናይ ርግጽ ዓወት ራእይ ዝቕጽሎ። ዓለም’ኳ ብዘይካ’ቶም ዘስካሕክሑ መከራታታ፡ መስመርካ ዘስሕቱ ዘብለጭልጩ ነገራት ቀሪባ’ውን ትጽወዓካ’ያ። ኣብ ኢድካ ዘሎ እምኒ ወርቂ ከምዘውጽእ ኣሚንካ እንተዘይጸኒዕካ ድማ፡ ናብ’ቶም ዘብለጽልጩ ምስ ከድካ፡ ሕዝ ከተብሎም ዝሃሱ ኮይኖም ይጸንሑኻ’ሞ፡ እምኒ ደንበኻ ትናፍቕ። እንተዘይጸኒዕካ ደኣ’ሞ፡ ሕልምታትካ ምእንቲ ከይተግህድ፡ ንኪፍኪፍታ ኣይሂ እናምሰሉ፡ “ጽላል ኣለና፡ ንዓ ናብ’ዚ ተዓቖብ” እናበሉ ዝጽውዑ መስሃትያን ፈቐድኡ’ንድዮም ከጋግዩኻ። ብቐሊሉ ትሰናበድ እንተኼንካ ደኣ’ሞ፡ ክንደይ ጎራፉት ኣስናን’ንድዮም ብቕድሜኻን ብድሕሬኻን እናነብሑ ስጉምኻ ክኾላልፍዎ። ትዕግስትን ጽንዓትን ግን፡ ብነድሪ ንዝጓዝም ኣንበሳ’ውን ሃዲኡ ከምዝድቅስ ክገብርዎ ይኽእሉ። ብታህዲድ ንዝግዕር ድማ፡ ናብ ገደል የምርሕዎ። ንሕና ደኣ’ሞ፡ ኣይኮነን ንጥምየት ንጽጋብ ንጻወር ህዝቢ’ንዲና። ብጽጋብ ሸብዳዕዳ ዝብሉ፡ ብምቾት ትዕቢት ዘውንዘፉ እንተርኣና’ውን፡ ብእኦም ከይተጻለና፡ ንራህዋና ብ“ተመስገን” ጥራይ ኢና ንገልጾ። ብኣንጻሩ እንተኾነ’ውን፡ ብራእይ ጽባሕ ደኣ ንጎስዕ’ምበር፡ ብናይ እለቱ ሰንከልከል ከብድና እናሓኸኽና ኣብ ቅድሚ ሓላፍ መንገዲ ኣይነንባሁቕን። ዝጽበየና ጉዕዞ ነዊሕን ኩርኳሕ ዝበዝሖን ምስ ዝኸውን፡ ሽዳና እናልሓምና ደኣ ስንና ነኺስና ንኸዶ’ምበር፡ ሰርገላ ካልኦት ከነማዕዱ ንድሕሪት ግልጽ ኣይንብልን። ንፋስ ጸጥ ኢሉ እኽልን ሓሰርን ክፈልስ ይትረፍ፡ ቅርኒብ ዘየልዕል ኣብ ዝኾነሉ’ውን፣ “ኡፍ!” እናበልና ብእስትንፋስና ደኣ ዓውድና ነኺዶ’ምበር፡ ተስፋ ቆሪጽና መስኣና ኣይንስንዱን። ነገር ባህሪ ክራማት ከምዝዝንግዕ ስለ እንፈልጥ ድማ፡ “በዚ እነህለት ሓንቲ፡ በቲ ከኣ ናብኣ ገጻ ትድመር ኣላ” እናበልና ቁንጣሮ ደመናታት ካብ ምቑጻር፡ ኣቐዲምና ኣኻውሕ ፈንቂልና ክረምትና ንፈጥር። ሎሚ ንዓና ኣቡጊዳ ጽንዓት ዝምህረና ኣይኮነንሲ፡ ግድላት ጽንዓት ንምፍታሕ’ውን ሓገዝ ኣይንሓትትን። ኪኖና ስኑ ዝነኸሰ እንተሃልዩ፡ ኣስናኑ ረጊፉ ኣብ ቃንዛ ዘሎ ጥራይ’ዩ ክኸውን ዝኽእል። ንሕና’ንዲና ባዕልና ጽንዓት። ንሕና’ንዲና ጎይቶት ትዕግስቲ። ባዕልና’ንዲና ዘይንጸምም ተጸመምቲ። ንጽንዓት ንፈልጣ ትፈልጠና፣ ነለልያ ተለልየና። ንቋንቋኣ ግርም ጌርና ንመልኮ፡ ንሳ’ውን ንቋንቋና ትርድኦ። ንዓውታኣ ኣይኮነንሲ ንሕሹኽታኣ ንሰምዖ። ጸዊዕናያ ትመጽኣና፡ ንሕና ድማ ዋላ ከይጸወዓትና ንኸዳ። ምኺን እንታይ ምኻድን ምምጻእንከ የድልየና - ወትሩ ምሳና’ንድያ ዘላ። ንሕና’ኳ፡ ብናይ “ጽንዓት ይሃብኩም” መልእኽቲ ዘይኮንና ንጸንዕሲ፣ ጽንዓት’ምበር ቋንቋ ውሽጥና ጌርናዮ። ጽንዓት፡ ኣብ ግዜ መከራ ብኣጸናናዕቲ ካብ ደገ ናብ ውሽጥና ዘይኮነት ትኣቱ፡ ኩሉ ግዜ’ምበር ኣብ ውሽጥና ሰፊራ። ኣብ ግዜ ጸሓይ ብራቕን ኣብ ግዜ ራህዋን’ውን ጽንዓት ኣብ ውሽጥኻ እንተዘይሃልያ፣ ኣብ ግዜ ዕራርቦን መከራን’ሞ ካበይ’ያ ሃንደበት ክትመጽእ!? ንሕና’ዞም ንሕና ግን፡ ጽንዓት ቋንቋናን ባህልናን ስለዝኾነ፡ ጋህዲ ሕልምታትና ገና

ወጋሕታ ከሎ’ዩ ዝጭበጥ። ንድፊ ትልምታትና ድማ ብጽንዓትና ብዓወት ይትርጎም። ኣብ ናይ ጽንዓት መስመርና እናሰጎምና’ሞ፡ እንታይ ዝኸብድ ዕዮ ገዛ ከይህሉ’ዩ? ክንደይ’ንዲና ሰጊርና፡ ሳላ ዝተጸመምና! ምስሊ ጽባሕና ድማ፡ ኣብ ሎሚ ኳንና ሕንጻጻቱን ሕብርታቱን ምቕባኡ ኣየሸግረናን። ወትሩ ትስፍዋት፡ ወትሩ ጽኑዓት!

ይቕጽል